*TIGRIGNA*

# ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት – ናይ ስዳራቤት ትምህርታዊ መሰላትን ሚስጢር ምሕላውን ዘምልከት ዘሎ መሰላትን ሕግን(FERPA) OPT-OUT ዝምላእ ፎርሚ

***ናይ ስዳራቤት ትምህርታዊ መሰላትን ሚስጢራዊነት ምሕላው ኣብ ዝምልከት ሕጊን ስርዓትን ወለዲን ዕድሚኦም ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ዝኾኑ ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝርከብ መዛግቦም ብዝምልከትዝተፈላለዩ መሰላት ኣለዎም እዩ።እቲ/ታ ተምሃራይ/ተምሃሪት ዕድሚኡ/ኣ ዋላ እኳ 18 ዓመት እንተኾነ ከምኡውንናይ ካልኣይ ብርኪ ተምሃራይ ኾይኖም እውን ምስ ወለዶም ወይካኣ ምስ ሞግዚት ዝቕመጡ ዋላ እንተኾይኖም በዚ ዝስዕብ ሕጊ መሰረት መሰላት ኣለዎም እዩ።***
***እቶም መሰላት እዞም ዝስዕቡ እዮም።***

(1)*ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ምምሕዳር ብጽሑፍ ሕቶ ምስቀረበሉ ኣብ ውሽጢ* 45 *መዓልቲ ናይቲ ተምሃራይ መዛጋብ ናይ ምምርማርን ናይ ምርኣይን መሰላት፤*

(2) *ወለዲ ወይከኣ ብቑዕ ዝኾነ ተምሃራይ ትኽክል ወይከኣ ልክዕ ኣይኮነን ኢሉ ዝኣመነሉ ናይቲ ተምሃራይ መዝገባት መኣረምታ ክግበረሉ ወይከኣ እቲ ጌጋ ንክስተኻኸል ናይ ምሕታት መሰል፤ናይ ስያትል ቤት ትምህርትታት ምምሕዳር ብወለዲ ወይከኣ ብቑዕ ብዝኾነ ተምሃራይ መኣረምታ ንኽግበረሉ ዝቐረበሎም ሕቶ መሰረት እቲ ጌጋ ንኽስተኻኸል እንድሕርጻኣ ዘይተሰማሚዖም እቲ ኹነታት ንቶም ሕቶ ዘቕረቡ ውልቀሰባት ንኽፈልጥዎ እቲ ምምሕዳር ክግበር ኣለዎ።ብተወሳኺ እውን ነቲ ዝቐረበ ሕቶ ተወሳኺ መረዳእታ ክሓቱ ከምዝኽእሉ ክግበር እዩ።ወለዲ ወይከኣ ብቑዕ ዝኾነ ተምሃራይ ተወሳኺ መረዳእታ ወይካኣ እቲ ጉዳይ ከም ብሓዱሽ ይራኣየልና ኢሎም ክሓቱ ከምዝክእሉ መሰሎም ከምዝኾነ ክፈልጥዎ ክግበር እዩ።ከመይ ገይሮም ክሓቱ ከምዝኽእሉ እውን ተወሳኺ ሓበሬታ ክዋሃቦም እዩ።*

(3) *ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ናይቲ ተምሃራይ መዝገባት ወይከኣ ፋይላት ዘሎ ናይ ውልቂ ዝኾኑ ሓበሬታታት ዝኾነ ሰብ ንኽሪኦምን ግልጺ ንክኾኑ ፍቃድ ናይ ምሃብን ናይ ምኽልካልን መሰላት፤(ናይስዳራቤት ትምህርታዊ መሰላትን ሚስጢርን ዝሕልው ሕጊ መሰረት ብጃካ እቶም ፍቓድ ዘየድልዮም ንዝኾነ ሰብ ግልጺ ክኾኑ ዝተወሰነሎም ጥራሕ)ፍቓድ ከይሓተትካ ግልጺ ንክኾኑ ዝግበረሉ እቲ ቐንዲ ምኽንያት እቶም ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዝሰርሑ ሰብ ስልጣናት ሕጋዊ ብዝኾነ መንገዲ ምስ ትምህርቲ ዝተተሓሓዘ ዝኾነ ሓበሬታ ብቐሊሉ ንኽረኽቡ ብዝብል እዩ።እዞም ናይቲ ቤት ትምህርቲ ሰብ ስልጣናት እዞም ዝስዕቡ እዮም ኣብናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርታታት ምምሕዳር ዝሰርሑ ሓላፍቲ፤ሱፐርቫይዘራት፤መምሃራን ወይካኣ ሓገዝ ወሃብቲ ሰራሕተኛታት(ብተወሳኺ እውን ናይ ጥዕናን ሕክምና ሰራሕተኛታት፤ ናይ ሕጊ ምኽባር ሰራሕተኛታት)ናይቲ ተምሃራይ መምሃራን፤ናይቲ ቤት ትምህርቲ ቦርድ ኣባላት፤እቲ ምምሕዳር ፉሉይ ንዝኾነ ስራሕቲ ዝራኽቦም ውልቀሰባት ወይከኣ ካምፓኒታት(ጠበቓ፤ ኦዲተር፤ ናይ ሕክምና ኣማኸርቲ ወይከኣቴራፒስት)ወይከኣ ኣብ ዝተፈላለዩ ኮሚቴ ውሽጢ ተኻፈልቲ ዝኾኑ ወለዲ ወይ ተምሃሮ፤ ወይከኣ ኣብ ካልኦት ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ሰብ ሰልጣናት ዕለታዊ ስራሕቶም ንምስራሕ ዘድልዮም ሓበሬታ ንክዋሃቦም ምስ ዝሓቱእቶም ሓበሬታታት ንክዋሃቦም ይገብር።እቶም ናይቲ ቤት ትምህርቲ ሓለፍቲ ኣድላላይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ናይቲ ተምሃራይ ናይ ትምህርቲ መዝገባት ወይከኣ ፋይላት ንምርኣይ ምሉእ መሰላት ኣለዎም እዩ። እቲ ምምሕዳር ብዘይ ወለዲ ወይከኣ ናይቲ ተምሃራይ ፍቓድ ካብ ዝደለይዎ ቤት ትምህርቲ ናይ ተምሃሮ ናይ ትምህርቲ መዝገባት/ፋይላት ክርእዩ ይኽእሉ እዮም።*

(4) *እቲ ምምሕዳር ናይ ስዳራቤት ትምህርታዊ መሰላትን ሚስጥር ሕግን ስርዓትን መሰረት ብትኽክል ኣይሰረሐንዝብል ጥርዓን/ኽሲ እንተጻኣ ሃሊዩ ናብ ዩናይትድ ስቴትስ ናይ ትምህርቲ ዲፓርትመንት ብጽሑፍ ጥርዓንኩም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክተቕርቡ መሰል ኣለኩም።*U.S. Department of Education, 400  Maryland Avenue. S.W., Washington, D.C. 20202

***ናይ ስዳራቤት ትምህርታዊ መሰላትን ሚስጥርን ሕጊን ስርዓትን መስረት ካብዚ ቀጺሎም ዘለዉ ሓበሬታት ናይ ህዝቢ ወይከኣ ከምዳይሬክቶሪ ሰለዝሕሰቡ ዘሎ ሓበሬታ ንዝኾነ ሰብ ግልጺ ንክይኾኑ ነቲ ምምሕዳር እስካብ ዘይተነገሮም እዋን እቶም ዘለዉ ሓበሬታታት ዝኾነ ሰብ ንክሪኦም ግልጺ ክኾኑ እዮም።እቶም ሓበሬታ እዞም ዝስዕቡ እዮም፤ሽም፤ኣድራሻ፤ቴሌፎን ቀጽሪ፤ናይ ኤሌክትሮኒክስ መራኸቢ ኣድራሻ/ኢመይል፤ስእሊ፤ዝተወለድሉ ዕለት፤ትምህርቲ ዝጀመረሉ ዕለት፤ኽፍሊ፤ዝረኸብዎ ዲግሪ/ሽልማት፤ዝማሃርሉ ቤት ትምህርቲ፤ዝሳተፍዎ ናይ ስፖርት ዓይነት፤ጋንታ፤ቑመት፤ኽብደት ሚዛን፤ዝማሃርዎ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራም፤ብሓፈሺኡ ሚስጢር ዘይኮኑሓበሬታታት ኹሎም ንዝኾነ ሰብ ግልጺ ክኾኑ እዮም።***

## <u>*ካብ ቅደመ መዋእለህጻናት እስካብ 8ናይ ኽፍሊ ዝርከቡ ተምሃሮት ዘሎ ሃበሬታ ግለጺ ንምግባር*(Pre-K እስካብ-8)</u>

*ናይ ቅደመ መዋእለህጻውንቲ፤ ናይ ቀዳማይ ብርኪ ወይከኣ ናይ ማእኸላይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተምሃራይ ወለዲ ከምኻንኩም መጠን ናይ ደቅኹም ዝምልከት ዝኾነ ሓበሬታ ግለጺ ክኾውን ወይ ንማንም ከይዋሃብ ኢልኩም ናይ ምምራጽ መሰል ኣለኩም እዩም።እዛ መምረጺ ፎርሚ መሊእኹም ናብ ቤት ትምህርቲ ምስሰደድክምዎ ኣብ መዛግብት ብኮምፒዩተር ክምዝገብ እዩ፡፤እታ ፎርሚ ቅድሚ ኦክተበር 1 እዋን ናብ ቤት ትምህርቲ ክትሰድዋ ኣለኩም።*

---

ካብ ቅደመ መዋእለ ህጻናት እስካብ 8ናይ ኽፍሊ ተምሃሮ(Pre-K **እስካብ**-8)

ኣብ ሓዲኡ ምልክት ግበሩ

A. ☐ ኣነ፤ ትሕት ኢሉ ሽሙ/ማ ዝተጠቕሰ ተምሃሪ ዝም ልከት ዘሎ ሓበሬታ ግልጺ ንክኸውን ፍቃደኛ እየ

B. ☐ ኣነ፤ ትሕት ኢሉ ሽሙ/ማ ዝተጠቕሰ ተምሃሪ ዝምልከት ሓበሬታ ካብቲ ሕጊ ዝፈቅዶ ወጻኢ ዘሎ ሓበሬታ ንዝኾነ ሰብ ግልጺ ክኸውን ኣይፈቅድን እየ

---

Revised August 2008

*TIGRIGNA*

**ካብ ታሽዓይ ኽፍሊ እስካብ አሰርተ ኽልተ ኽፍሊ (9-12) ዝርከቡ ተምሃሮት ዘሎ ሓበሬታ ግልጺ ንምግባር**

ናይ ካልኣይ ብርኪ ተምሃሮት (18 ዓመት ዕድመ ዘለዎም) ቆልዑ ወላዲ ከምኻንኩም መጠን ብዛዕባ ደቅኹም ዝምልከት ዝኾነ ዓይነት ሓበሬታ ግልጺ ክኮውን ወይ ንማንም ከይዋሃብ ናይምምራጽ መሰል ሰለስተ (3) መማረጺ አለኩም እዩ።እዛ መምረጺ ፎርሚ መሊእኹም ናብ ቤት ትምህርቲ ምስሰደድክምዎ አብ መዛግብቲ ብኮምፒዩተር ክምዝገብ እዩ።ለውጢ ንምግባር ሓዱሽ ፎርሚ ክትመልኡ አለኩም።ደቅኹም መዋእለህጻናት ክተምዝግቡ እንከለኹም ዝመልእኽምዎ ፎርሚ እንተሃሊዩ እውን ካሊእ ሓዱሽ ፎርሚ እስካብ ዘይመላእኹም እዋን እቲ ምርጫኹም ለውጢ አይግበሩን እዩ።

ናይ አሜሪካ ኽፍሊ ወታደር ናይ ኩሎም ተምሃሮት ስም፣ ስልኪ ቁጽሪ፣ አድራሻ ክዋሃቦም ጠለብ ምስዝገብሩ እቲ ዘሎ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል አለዎም ብጀካ እንድሕር ወለዲ አብ ሳንዱቕ ቢ ወይ ሲ ምልክት እንተገይሩም ግና እታ ሓበሬታ ንኽፍሊ ወታደር አይዋሃብን እዩ። ናይ ደቅዅም ሓበሬታ ንኽፍሊ ወታደር ክዋሃበልኩም ዘይትደልዩ እንተዳአ ኮይንኩም አዛ ፎርሚ መሊእኹም ቅድሚ ኦክተበር 1 ዘሎ እዋን ስደድሉና ኢኹም።ዘሎ ሓበሬታ ንኽይዋሃብ ዘይተደልዩ እንተዳአ ኾይንኩም አብ ሳንዱቕ B ምልክት ክትገብሩ አለኩም።.

ናይ ካልኣይ ብርኪ ተምሃሮት ወለዲ ናይ ደቅኹም ሓበሬታ ንኽፍሊ ወታሃደር ከይዋሃብ እንድሕር ደሊኹም አብ ሳንዱቕ B ወይ C ምልክት ክትገብሩ አለኩም።ከምኡ ኾይኑ ግና እቲ ኽፍሊ ወታሃደር ካብ ናይ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ብዝኾነ መንገዲ ማለት ብካሊእ መንገዲ እቲ ሓበሬታ ክረክብ ይክእል እዩ።

አብ ታሕቲ ዝርከብ ሳንዱቕ እቲ ትመርጽዎ ሓዲኡ ምልክት ብምግባር እዛ ፎርሚ ቅድሚ ኦክተበር 1 ዘሎ እዋን ናብ ቤት ትምህርቲ መሊስኩም ስደድዋ ኢኹም።

ካብ ታሽዓይ እስካብ አሰርተ ክልተ (9 እስካብ 12) ዝማሃሩ ተምሃሮት:

ሓዲኡ ምልክት ብምግባር ምረጹ:

A. ☐ ናይ ተምሃራይ ሓበሬታ ግልጺ ክኾውን ተሰማሚኤ አለኹ

B. ☐ ናስሙ አብ ላዕሊ ዝተጠቀሰ ተምሃራይ ሓበሬታ ንማንም ሰብ ወይ ኽፍሊ ግልጺ ንክኾውን ወይ ክዋሃብ አይሰማማዕን እየ።

C. ☐ ስሙ አብላዕሊ ዝተጠቐሰ ተምሃራይ ሓበሬታ ብጀካ ንኽፍሊ ወተሃደር ንካሊእ ግልጺ ክኾውን ተሰማሚኤ አለኹ።

ሓፈሻዊ ዝኾኑ ሓበሬታታት ንምርካብ ናይ ምሕታት መሰል

አንቀጽRCW 28A.320.160, መሰረት ቤትትምህርትታት ንወለዲ/ሞግዚት ናይ ተምሃሮት ዝምልክት ዝኾነ ሓበሬታ ንኽርእዩ መሰል ከምዘለዎም ክተፍልጥ አለዎ። (RCW 42.56) ናይ ተምሃሮት ዝተመዝገበ ዝኾነ ዓይነት ሓበረታ ንምርአይ በዚ ዝስዕብ አድራሻ ብጽ ፍ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም: Office of the General Counsel: Attn: Public Records Request; SPS: MS 32-151; PO Box 34165: Seattle, WA 98124, or fax your request to (206) 252-0111.

______________________________
ሙሉእ ስም

| | | |
|---|---|---|
| ናይ ተምሃራይ ሙሉእ ስም | ዝተወለደሉ ዓመት | ናይ ተምሃረይ ታሴራ ቁ. |
| ናይ ወለዲ/ሞግዚት ፊርማ | | ዕለት |

**እዛ ፎርሚ ብቐጥታ ናብ ቤት ትምህርቲ በአካል ብምኻድ**
**ወይ ብደብዳቤ ክትሰድዋ ትክእሉ ኢኹም**

**ካብ ሓደ ንልዕሊ ተምሃራይ እንተሃሊኩም ነንሕድሕድ ተምሃራይ ፎርሚ ክትመልኡ አለኩም።**